*Insticksblad till SABOs broschyr **Sortera dina sopor rätt***
*Språk: Tigrinja*

*Sidan 1 ገጽ 1*

# ጕሓፍኩም ብግቡእ ኀሓፉዎ

*ሓበሬታ ነዓኻትኩም ነቶም ኣብ ገዛ-ኽራይ እትነብሩ*

*Sidan 2 ገጽ 2*

**ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጕሓፍ**
ጕሓፍ ከከም ዓይነቶም ኣበይ ከም እትድርብይዎም ፍለጡ። እቲ ጕሓፍ ካብ ገዛ ናብ ገዛ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ክፈላለ ይኽእል። ንምጕሓፍ ብዝምልከት ሕግታት ከመይ ይመስል ክትፈልጡ ምስ እትደልዩ ምስ ኣካራዪኹም ተዘራረቡ።

**ብኸምዚ ኀሓፉ**
ነቲ ኣብ ዝጕሓፍ ነገራት ዘሎ ኲናት ዝመስል ምልክት ርኢኹም ነቲ ጕሓፍ ከከም ዓይነቱ ጉሕፍዎ። ድሒርኩም ከም እተንብብዎ፡ ኣብቲ ናይ ጕሓፍ ፌስታል ዝድርበ ጕሓፍ ዳርጋ ብዙሕ ኣይኮነን!

**ሓደገኛ ጕሓፍ**
ሓደገኛ ጕሓፋት ብግቡእ ኲጕሓፋ ዝግበኦም ጕሓፋት እዮም ምኽንያቱ ብግቡእ ምስ ዘይጕሓፍ ማይን መሬትን ክምርዝ ይኽእል። ኣብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ጕሓፍ ኑቍጣ ናይ ኤለክትሮኒክን ኣምፑላትን ፍሉይ መጕሓፊ ገሬወና ምስ ዘይህሉ፡ ከምዚ ዓይነት ጕሓፍ ክትጕሕፉ ምስ እትደልዩ ናብ ብቀረባ ዝርከብ ማእከል ዳግመ-ምስረሓ ናይ ምምሕዳር ከተማ ኬድኩም ጕሓፍዎ። ኣረጊት መድሃኒታት ክትጕሕፉ ምስ ትደልዩ ኣብ ገለ ፋርማሲታት ኬድኩም ክትጕሕፍ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ገለ-ገለ ድኳናይ ኤለክትሮኒክ ዝእከበሉ ናይ ኀሓፍ ገረዌንታታት ኣለዎም።

**መድሃኒታት**
መድሃኒታት ኣብ ውሽጢ ሽቓቕ ክድርበዩ ወይ ውን ኣብ መስተኹ ርስሓት ክከዓዉ የብሎምን። ንመጽረዪ እንጥቀመሎም ፈሰስቲ ነቶም ኣብ መድሃኒት ዝርከቡ ሓደገኛታት ዝኾኑ ባእታታት ክኣልይዎም ኣይክእሉን እዮም። ስለዝኾነ እቶም ባእታታት ምስቲ ማይ-ርስሓት ይዛርዩ። ዘይትጥቀሙሎም ወይ ኣረጊት መድሃኒታት: ኣብ ፋርማሲ ኬድኩም ኣርከብዎ።

**ኬሚካላት**
ንኣብነት፡ ቦያ፡ መሕቀቕቲ ባእታታት፡ ኮላ ማስቲቺ፡ ናይ ስፕረይ ብርለ፡ ሓይል ዝበሉ መጽረዪ ፈሰስቲ፡ ኣዝማልቶ። ኣበይ ክትጕሕፍዎም ኣለኩም፡-ንኬሚካላት ተባሂሉ ዝተዳለወ መጕሓፊ ገረወና ምስ ዝህሉ ወይ ውን ኣብ ማእከል ዳግመ-ምስረሓ ናይ ምምሕዳር ከተማ ኬድኩም ጕሓፍዎ።

*Sidan 3 ገጽ 3*

**ኣምፑላት**
ንኣብነት: ኣምፑል፣ ብውሑድ ጽዕእት ዝሰርሑ ኣምፑላት፣ ሌድ-ኣምፑል ከምኡ ውን ተጸረገውቲ ወይ ፍርሎሮሰንቲ።
ገለ ገለ ኣምፑላት መርኩሪ ኣለዎም፣ እዚ ባእታ`ዚ ኽኣ ሓድ ካብቶም ኣዝዮም መርዛማት ዝኾኑ ባእታታት እዩ።

ኣበይ ክጎሓፉ ኣለዎም:- ናምፑላት ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ገሬወና ጉሓፍ ኣብ ቀረባ ምስ ዝህልወኩም ወይ ውን ኣብ ማእከል ዳግመ-ምስረሓ ናይ ምምሕዳር ከተማ ኬድኩም ጉሓፍዎ። ኣብቲ ሓድሽ ኣምፑል እትገዝኡሉ ድኳን ኣረጊት ኣምፑላት ዝቕበሉ እንተኾይኖም ውን ምሕታት ይከኣል እዩ።

**ባተሪታት**
ንኣብነት: ነኣሽቱ ካርቦን ወይ ውን ባተሪ ናይ ላምባዲና ሪሞት ወይ ውን ኣብ ገለ ኣቑሑ ኮምፕዩተር።
ኣበይ ክትድርብይዎ ኣለኩም: ኣብ መደርበዪ ባተሪ ወይ ውን ተመሳሳሊ መጕሓፊ ገረዌና።

**ኤለክትሮኒክ**
ንኣብነት: ነኣሽቱን ማእከሎትን መሳለጥያታት ከም ኮምፕዩተር፣ ቲቪ፣ መጻወቲ፣ ናይ ገዛ ማሺናትን መሳሒታት። ኮታስ ኩሉ ብሶኬት ወይ ውን ባተሪ ዝሰርሕ። እዞም መሳለጥያታትን መሳርሕን ካብ፣ መርኩሪ፣ ካድምዩም፣ ዓረርን ካልእ ንወዲ-ሰብን ተፈጥሮን ሃሰይቲ ዝኾኑ ባእታታትን ዝቆሙ ክኾኑ ይኽእሉ።
ኣበይ ክጕሓፉ ኣለዎም: ኣብ ፍልይ መትሓዚ ጕሓፍ ኤለክትሮኒክ ኣብ ከባቢኹም ምስ ዝህሉ እንተዘይሃልዩ ግን ኣብ ማእከል ዳግመ-ምስረሓ ናይ ምምሕዳር ከተማ ኬድኩም ጕሓፍዎ። ኣብቲ ነቲ ሓድሽ ኤለክትሮኒክ ዝገዛእኩምሉ ድኳን ኣረጊት ተመሳሳሊ ኣቑሑ ዝቕበሉ እንተኾይኖም ውን ምሕታት ይከኣል እዩ።

**ኣብ ውሽጦም ዝሰፈረ ባተሪ ዘለዎም መጻወቲ**
ብመጀመርያ ነቲ ባተሪ ካብቲ መጻወቲ ፈሊኹም ብምውጻእ ኣብ ናይ ባተሪ መጕሓፊ ደርብይዎ። ብድሕሪኡ ነቲ ዝተረፈ ክፋል ናይቲ መጻወቲ ኣብቲ ንኤለክትሮኒክ ተባሂሉ ዝተዳለወ መጕሓፊ ደርብይዎ።

*Sidan 4 ገጽ 4*

**መትሓዚ ሃለኽቲ ወይ ኣቑሑ**
ዳርጋ ኩሉ እንገዝኦ ነገር ብዘተፈላለየ ኣገባባት ዝተዓሸገ ኮይኑ፣ ውጽኢቱ ከኣ ብርክት ዝበለ ዝጕሓፍ መ0ሸጊታት የስዕብ። ኩሎም መ0ሸጊ ሃለኽቲ ዳግማይ ይምስርሑ ስለዝኾኑ ምስ ናይ ገዛ ጕሓፍ ሓዊስኩም ኣይትጕሓፍዎም። ገለ ካብዞም ዝምስርሑ መ0ሸጊታት፣ ባኮታት ጸባ፣ ብጎማ ዝትሰርሑ መኽደን ከምኡ ውን ካርቶን ይርከብዎም። ኣብቲ ጕሓፍኩም ብቐረባ እትጕሕፉሉ ቦታ ንኸምዚ ዘኣመሰለ ጕሓፍ ቦታ ምስ ዘይህሉ ብቐረባ ኣብ ዝርከብ ማእከል ዳግመ-ምስረሓ ኬድኩም ጕሓፍዎ። ከምቲ ንቡር ከምዚ ዓይነት ቦታ ኣብ ጥቓኹም ኣይሰኣንን እዩ።

*ጠቓሚ ሓበሬታ!*
ኣብ ቀርቀሮታት ወይ ውን መዕሸጊ መግቢታት ተረፍ-መረፍ መግቢ ከይህልዎ ረኣዩ። ብዝተኻእለ መጠን ኣጽርይዎ ወይ ጎጽጕጽዎ። እዞም Se till att det inte finns matrester kvar i burkar och förpackningar, skölj gärna ur dem. ቀርቀሮን መ0ሸጊ መግቢታትን ኣብ መትሓዚ ፕላስቲክ ወይ ውን ሓጺን እዮም ዝድርበዩ። ኩሉ ዝድርበ ካርቶን ብዙሕ ቦታ ምእንቲ ከይሕዝ ብዝተኻእለ መጠን ዕጸፍዎ።

**ብወረቐት ዝተሰርሑ መትሓዚ ሃለኽቲ**
ንኣብነት: መትሓዚ-ጸባ፣ መትሓዚ-ጽማቑ፣ ብወረወት ዝተሰርሑ መትሓዚ ኣስቤዛ፣ መትሓዚ ሽኮር፣ ባኮታት ሳእኒ፣ ወረቐት ሽንቲ-ቤት፣ ባኮታት።

እዚ ዝስዕብ ግን ኣየፋሉን: ቡስጣ ኣብቲ ዝቃጸል ጕሓፍ ናይ ገዛ ጕሓፍ ክድርበ ኣለዎ።  ገዜጣታት፡ ናይ ሬክላም መጽሄታትን ተመሳሳሊ ነገራትን ኣብ መጕሓፊ መጽሄታት ክድርበ ኣለዎ።

**መጽሄታት**
ንኣብነት: መዓልታዊ መጽሄታት፡ ጆርናለ፡ ካታሎግ፡ ናይ ሬክላም ሕትመታት፡ ብሮሺር መስኣሊ ወረቓቕቲ ከምኡ ውን ናይ ጅባ መጽሓፍቲ።
ኣበይ ክድርበዩ ኣለዎም: ኣብ ፍልይ መጕሓፊ ግዜጣታት
እዚ ዝስዕብ ግን ኣየፋሉን: ቡስጣን ተሪግ ገበር ዘለዎም መጽሓፍትን ግን ኣብቲ ዝቃጸል ናይ ገዛ ጕሓፍ ክድርበዩ ኣለዎም። ብወረቓት ዝተሰርሑ መትሓዚ ኣስቤዛ ኣብዚ ዘይኮነስ፡ ኣብቲ ነቶም ብወረቓት ዝተሰርሑ መትሓዚ ሃለኽቲ ተባሂሉ ዝተዳለወ ገሬወና ክድርበዩ ኣለዎም።

*Sidan 5  ገጽ 5*

**ብፕላስቲክ ዝተሰርሑ መትሓዚ ሃለኽቲ**
ንኣብነት: ናይ ፕላስቲክ ብርለ፡ ታኒካ፡ ነኣሽቱ ቴኖታትን ገሬወናታትን፡ ካብ ፕላስቲክ ዝትሰርሑ መትሓዚ ኣስቤዛ፡ ብፕላስቲክ ዝተሰርሑ ፌስታላት፡ መምልኢ፡ ብልቃጥ፡ መትሓኢዝ ቺፕስ፡ ፖሊስተሪን።
ኣበይ ክድርበዩ ኣለዎም: ኣብ ፍሉይ መጕሓፊ ናይብፕላስቲክ ዝትሰርሑ መትሓዚታት
እዚ ዝስዕብ ግን ኣየፋሉን: መጻወቲ፡ መትሓዚ ጽማቝ፡ ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ መግሓጢ። እዚኣቶም ኣብ ማእከል ዳግመ-ምስረሓ ናይ ምምሕዳር ከተማ ክጎሓፉ ወይ ውን ምስቲ ዝቃጸል ጕሓፍ ናይ ገዛ ክድርበዩ ኣለዎም።

**ታኒካታት**
ንኣብነት: ታኒካታት ልስሉስ መስተ፡ ወይ ውን  ክሽየጡ ዝኽእሉ ብፕላስቲክ ዝተሰርሑ ናይ ለስላሳ ጥርሙዝ።
ኣበይ ክድርበዩ ኣለዎም: ኣብቲ ኣስቤዛ ትዕድጉሉ ድኳን ኬድኩም ሼጥኩም ገንዘብ ይወሃበኩም።

**ጠራሙዝ**
ንኣብነት: ሕብሪ ዘለዎምን ዘይብሎምን ጠራሙዝ።
ኣበይ ክድርበዩ ኣለዎም:: ኣብ ፍሉይ ንሕብራውን ዘይሕብራውን ጥርሙዝ ተባሂሉ ዝተዳለወ መጕሓፊ ገረዌና።
እዚ ዝስዕብ ግን ኣየፋሉን:: ጠራሙዝ መስተ፡ ፖርቸሊና፡ ካይላ ወይ ቸራሚችን ካልእ መትሓዚ ሃለኽቲ ዘይኮነን። እዚኣቶም እምበኣር ኣብቲ ግዝፍ ዝበለ ጕሓፋት ዝጎሓፈሉ ቦታ ወይ ውን ምስቲ ዝቃጸል ጕሓፍ ናይ ገዛ ክድርበዩ ኣለዎም። ኣምፑላትን ተጸርጋው ወይ ውን ፍሎረሰንትን ከኣ፡ ምስ ጠራሙዝ ክጕሓፍ የብሉን።

**ውኢት ሓጺን**
ንኣብነት: መዐቀቢ ሃለኽቲ ዝኾኑ ስቃጥላታት፡ ባዶ ናይ ተነጻጊ ወይ ስፕረይ ተኖታት፡ ብልቃጥ፡ ብርጪታት ከምኡ ውን ካብ ሓጺን ዝተሰርሑ መኽደኒታት።
ኣበይ ክድርበዩ ኣለዎም:: ኣብ ፍሉይ መጕሓፊ ናይቶም ውጽኢት ሓጺን ዝኾኑ ነገራት
እዚ ዝስዕብ ግን ኣየፋሉን: ቁራጽ ሓጺን፡ ትቦታት ማይን ሙቀትን፡ ባዴላታት ካልእ መትሓዚ ሃለኽቲ ዘይኮኑን ነገራት። እዚኣቶም ከኣ ኣብ መጕሓፊ ግዝፍ ዝበሉ ጎሓፋት ወይ ውን ኣብ ማእከል ዳግመ-ምስረሓ ምምሕዳር ከተማ ክድርበዩ ኣለዎም።

*Sidan 6 ገጽ 6*

| |
|---|
| ኣብ መብዛሕትኡ መንበሪ-ከባቢታት ናይ መግቢ ጕሓፍ  ኣብ ፍሉይ ቦታ ይድርበ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ግን ከምኡ ኣይኮነን። ጕሓፍ መግቢ ከም ዝምሽምሽ ተጌሩ ባዮ-ጋስ ንምስራሕ ወይ ውን ናብ ሰበባ ብምቕያር ሓመድ ንምስራሕ የገልግል። እዚ ምሰርሕ ውጽኢታዊ ክኸውን ጥንቁቕ ኣገባብ ኣጎሓሕፋ ክንክተል የድሊ። |

**ጕሓፍ መግቢ**
ንኣብነት: ተረፍ-መረፍ መግቢ ካብ ድራር፡

ፍረ ቱፋሕ፡ ቅራፍ በናና፡ ድርዒ ጋምብሬቲ። ሶፍቲ፡ ድከት ቡን፡ ዝተጠቀምናሉ ሊፕቶን ውን እንተኾነ ከም ጐሓፍ ናይ ገዛ እዮም ዝቍጸሩ።
ኣበይ ክድርበ ኣለዎ: ኣብ ፍሉይ ፌስታል። እዚ ፌስታል ብድሕሪኡ ኣብ መጕሓፊ ጐሓፍ መግቢ ይድርበ።
እዚ ዝስዕብ ግን ኣየፋሉን: ቺካ ናይ ሽጋራ ወይ ውን ትምባኾ ግን ኣብቲ ዝቃጸል ጐሓፍ ገዛ ትድርብይዎ።

**ኣጭርቕቲ**
ንኣብነት: ክዳውንቲ፡ ሳእኒ ከምኡ ውን መጋረጃታት
ኣበይ ክድርበ ኣለዎ: ጽሩይን ዘይተበላሸወን ክዳውንቲ ኣብ መአከቢ ክዳውንቲ ክተብጽሕዎ ትኽእሉ ኢኹም።
ዝተበላሸወ ክዳውንትን ገዘፍቲ እንተዘይኮይኖም ምስቲ ዝቃጸል ጐሓፍ ገዛ ክትድርብይዎ ትኽእሉ ኢኹም።
ገዘፍቲ ምስ ዝኾኑ ግን ኣብቲ ግዙፍ ጎሓፍ ዝድርበየሉ ቦታ ውይ ውን ማእከል ዳግም-ምስረሓ ምምሕዳር ከተማ ክትድርብይዎም ኣለኩም።

*Sidan 7 ገጽ 7*

**ግዝፍ ዝበሉ ጐሓፍ**
ንኣብነት: ዝተበላሸዉ ኣቍሑ ገዛ፡ ባዴላታት፡ ዓበይቲ ካርቶኒ ከምኡ ውን ኣብ ፌስታል ጐሓፍ ክኣቱ ዘይክእል ካልእ ግዝፍ ዝበለ ዝጐሓፍ ነገራት።
ኣበይ ክድርበ ኣለዎ: ኣብ ፍሉይ ኑቕጣ ግዙፍ ጐሓፍ ወይ ውን ኣብ ማእከል ዳግመ-ምስርሓ ናይ ምምሕዳር ከተማ ደርብይዎ ዝብል መምርሒ ምስ ዘይህሉ። ገለ ኣካረይቲ ትካላት ግዝፍ ዝበሉ ጎሓፋት ዝእክባሉ ኣብ ዓመት ገለ ፍሉይ መዓልታት ይምድባ እሞ ኮንተይነራት ብምቕራብ ኩሉ ክጕሕፍ ዝደሊ ይጕሕፍ።

ግዝፍ ዝበሉ ዝጎሓፉ ንብረት ኣብ መተሓላለፊ መኻዚኖ ወይ ኣብ ትሕቲ ምጕሓፊ ጎማታት ብዘይምድርባይኩም ነመስግን። ከምዚ ምስ እትገብሩ እቲ ኣብ ዘይቦትኡ ዝድርበ ጐሓፍ ንሓደጋ ባርዕ የሳጥሕ፡ ኣናጹ ወይ ውን ካልእ ቀርጠፍቲ እንስሳታት ክስሕብ ይኽእልን ምትሕልላፍ ውን ኣጸጋሚ ክገብሮ ይኽእል። ጐሓፍኩም ኣብ ዘይቦትኡ ምስ እትድርብይዎ፡ ካልኦት ውን ብተመሳስሊ ከምኡ ክገብሩ ተተባባዕ ብኽምዚ ከኣ ክትነብረሉ ዘይስሕብ ጎዳፍ ኩነታት ክፍጠር ይኽእል።

**ዝተረፈ ...**
**ትርፍራፍ ጐሓፍ**
እቲ እንኮ ኣብ ፌስታል ጎሓፍ ናይ ገዛ እትድርብይዎ ጎሓፍ!

**ዝቃጸል ጐሓፍ ገዛ**
ንኣብነት: ፐምፐር፡ ባንዴጅ፡ ታምፖን፡ ቀረጺት ሰሓቢት ደሮና፡ ብራሽ ኣቍሑ፡ ቡስጣ፡ ትምባኾ ከምኡ ውን ቺካ ናይ ሽጋራ። ዝጎሓፈሉ ምዱብ ቦታ ዘይብሉ ጐሓፍ ኣብዚ ፌስታል ተደርብዩ ከም ዝቃጸል ይግበር።
ኣበይ ክድርበ ኣለዎ: ኣብ ተራ ናይ ጐሓፍ ፌስታል ይርድበ። ብድሕሪ`ዚ እቲ ፌስታል ኣብ ገሬወና ዝቃጸል ጐሓፍ ገዛ ትድርብይዎ (ትራፍ ጐሓፍ ተባሂሉ ይጽዋዕ)።

*ጽቡቕ ስራሕ!*

*Sidan 8  ገጽ 8*

**ጐሓፍ ምውሓድ ተመራጺ እዩ**
እንጕሕፎ ነገራት ብምንካይን ብኡኡ ኣቢልና ኣን ገንዘብ ብምቍጣብን ክንገብሮ እንኽእል ብዙሕ ነገራት ኣሎ።
ጠቓሚ ምኽሪ:
- ውሑድ ነገራት ዓድጉ
- ዘገልገለ ንብረት ግዝኡ

- ነዊሕ ዝጸንሕ ሃለኽቲ ግዝኡ
- ዝተበላሸወ ንብረት ኣዓርይዎ
- ኣስቤዛ ክትዕድጉ እንከለኹም ሓደ ፌስታል ብዙሕ ግዜ ተጠቀሙሉ ወይ ውን ብጨርቂ ዝተሰርሐ መሸመቲ ዓድጉ።
- ናይ ጥርሙዝ ወይ ውን ጎማ ማይ ገዲፍኩም ማይ-ቡንባ ስተዩ።
- ኣሸማምታ ሃለኽቲ ብግቡእ ወጥንዎ። ዝተዓደገ ዕለቱ ከይወደቐ እንከሎ ሰሪሕኩም ከም እትህልኽዎ ኣረጋግጹ።

**ሸጡ፡ ግዝኡ ወይ ውን ሃቡ**

ከገልግል ዝኽእል ነገር ምድርባይ ዘየድሊ ክሳራ እዩ። ኣብዚ እዋን ዘይትደልይዎ ጽሩይን ዘይተበላሸወን ንብረት ናይ ምቕያር፡ ምሻጥን ወይ ውን ከም ህያብ ናይ ምሃብን መንገዲታት ኣሎ። እዚ ኣገባብዚ ካብ ዘይትደልዮ ንብረት ዘገላግል ብሉጽ መንገዲ እዩ። ኣብ ኢንተርነት ንምሻጥን ምቕያር ንብረትን ዝምልከት ብርክት ዝበለ መርበብ-ሓበሬታት ኣለዋ። ብሎኬትን ትራዴራን ገለ ካብዘን ዝተጠቕሳ መርበብ-ሓበሬታት እየን። ኣብ ፌስቡክ ውን ተመሳሳሊ ከባብያዊ ገጻት ኣለዋ። ንብረት ህያብ ክትህቡ ምስ እትደልዩ ምስ ትካል ግብረ-ሰናይ ኣብ ዘለኹሞ ከተማ ክትዘራረቡ ውን ትኽእሉ ኢኹም። ናብ ገዛኹም መጺኦም ነቲ ንብረት ክወስድዎ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ገለ-ገለ መንበሪ ከባቢታት ወይ ውን ኣብ ማእከል ዳግም-መስረሒ ጽሩይ ንብረት ከትድርብዩሉ ትኽእሉ ቦታታት ኣሎ። ልስሉሳት ንብረት ከም ሶፍን ዓራትን ትኺን ከላብዑ ይኽእሉ ምኺኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

**ትፈልጡ`ዶ:**

ውጽኢት ጥርሙዝ ዝኾኑ መትሓዚ ሃለኽቲ፡ ትሕዝትኦም ከይቀየሩ ብርክት ዝበለ ግዜ ተመሳሳሊ ጠራሙዝ ንምስራሕ የገልግሉ። እዚ ማለት ከኣ፡ እቶም ጥርሙዝ ንምስራሕ ዘገልግሉ ነገራት ከም  ሑጻ፡ ሶዳን ኖራን ክንቍጥብ ይሕግዘና። ሓድሽ ጥርሙዝ ንምስራሕ ክጥፈእ ዝኽእል ጸዓት ውን ክንዕቅብ ንበቕዕ። ዝተደርብየ ጥርሙዝ ኀርካ ሓድሽ ጥርሙዝ ክትሰርሕ እንከለኻ መጠን በካሊ ካርቦን ብ 41% ከም ዝንኪ ይግበር።

ካብ ወረቐትን ካርቶንንስ ዝተሰርሑ መትሓዚ ወይ መዐሸጊ ሃለኽቲ ከም እንደገና ስለእንጥቀመሎም ነዚ ንምስራሕ ኣግራብ ካን ምቍራጽ የድሕነና። ሓደ ቶን ዝኽብደቱ ወረቀት ካብ 14 ኣግራብ ይስራሕ። ብዝተደርበየ ወረቓቕቲ ሓድሽ ምስራሕ ማለት እምበኣር፡ ሓድስ ምስራሕ ዝሃልኽ ጸዓትን ከሚካልን ምዕቃብ እዩ። ወረቐት 7 ግዜ ደጋጊምካ ሓድሽ ወረቐት ንምስራሕ ክትጥቀመሉ ትኽእል። 11 ታኒካታት ልስሉስ-መስተ ንምስራሕ ዝጠፍእ ጸዓት ናይ 5 ደቂቕ ዱሽ (ሻወር) የግብረና።

- ሓደ ፌስታል ጉሓፍ መግቢ፡ ንመንኪና 2.5 ኪሎ-መተር ዘኺዳ መጠን ባዮ-ጋዝ የስርሕ።
- ኩሎም ሰባት ባሊቃታት ወይ መኽደኒ ጠራሙዝ ናብ ዝግበኦ ቦታ እንተዝጐሕፉ፡ ዓመታዊ ን2200 ናይ ገዛ መካይን ዝኸውን ኣቓዮ መስርሐ።
- ሸወደን ን99% ናይ ጉሓፍ ገዛ ዳግም ከም ዝምስራሕ ትገብሮ።

ምንጪ: Förpacknings- och Tidningsinsamlingen (FTI) och www.sopor.nu

***ጉሓፍ ዳግም-ክምስራሕ ብምግባርኩምን ጉሓኩም ብግቡእ ብሙግሓፍክሙን ነመግስን ብሓባር ጸዓት ክንዕቅብን ተፍጥሮን ከባቢናን ከኣ ክብ ምብራስ ከነድሕኖ ንኽእል!***